# ጽንዓትን መኸተን ህዝቢ ኤርትራ

## ራብዓይ ክፋል

ወያነ ብኣመሪካ ተመዊሎም ሕልሚ ዓባይ ትግራይ ንምርዋይ ኣብ 1998 ዝወልዕዎ ኲናት ስዕረቶም ተጐልቢቦም ብህዝቢ ኢትዮጵያ ተፈንፊኖም ሕጂ ናብ መቓለ ተሸጉጦም። ጉጅለ 15 ኣብ 2001 ዝተኸስተ ዘይኮነ ካብ 1993 ዝጀመረ'ዩ። ኣብ 1993 ኣብ ኣኼባ ቫሊኒኪ ብካድራት ህ.ግ ንኤርትራ ሓድሽ ደም ንስኳዓላ ዝብል ጠለባት ቀሪቡ። ንሱ ድማ መንእሰያት ስልጣን ክመጹ ኣለዎም ተባሂሉ። ነቲ ስነሓሳብ ኩሉ ተጋዳላይን ህዝብል ተቐቢልዎ። እዞም ብጉጅለ 15 ዝፍለጡ ላዕለዎት ሰበስልጣን ነበር ኣይተዋሕጠሎምን ጥራሕ ይኮነ መንእሰያት ኣብ ስልጣን ንኸይመጹ ተቓውሞ። ኣብ ሚያዝያ 1994 ኣብ ጉባኤ ናቕፋ ብዙሓት መንእሰያት ኣብ ስልጣን መጺኦም። እቶም ዝበዝሑ ጉጅለ 15 ብሚንስተራት ደረጃ እሰርሑኳ እንተነበሩ ኣብ'ቲ ፓርቲ ብደራጃ ፈጻሚት ኮሚተ ስለ ዝይኣተው ተጻብኦታቶም ቀጺሎም። ኣብነት ንምጥቃስ ምልዕዓል እንዳ ከቢድ ብረት መካናይዝ 74፣ ምንቅስቓስ ስንኩላን ንባዕሉ ገለ ካብቶም ጉጅለ 15 ሕቡእ ኣጀንዳ ምንባሩ ናይ ኣደባባይ ምስጢር'ዩ። ኣብ ወራር ወያነ ዝተኻየደ ሽርሕን ተንኮልን ተጻብኦን ጸብጺብካ ዝውዳእ ኣይኮነን ብመዓልቱ ኩሉ እቲ ሓቅታት ክግለጽእ'ዩ። ጀነራል ስብሓት ኤፍሬም ኣብ ቃለ መሕትት ተግባራት ጉጅለ 15 ስፍሕ ዝበለ መብርሂ ሂቢሉ'ዩ። ኣብ ዩቱብ ተዘርጊሑ ኣሎ። ብተወሳኺ ኣባላት ፓርላማ ኤርትራ ኣብ 2001 ብዛዕባ ጉጅለ 15 ዘስምዕዎ መደረ ኣብ ዩቱብ ኣሎ ተኸታተልዎ።

ጉጅለ 15 ኣብ ሳልሳይ ወራር ደማዊ ኲናት እንዳ ተኻየደን መስዋእቲ እንዳ ተኸፍለን ምስ ደመኛ ጸላኢና ወያነ ብዙሕ ግዜ ቀጻሊ ደብዳቤታት ተጻሓሒፎም። በቲ ሓደ ሸነኽ ድማ ሰራዊትን ህዝብን ኤርትራ ለይትን መዓልትን ምስዋእቲ እንዳ ከፈለ እንኮሎ ንሳቶም ድማ ምስ ኤምባሲ ኣመሪካ ቀጻሊ ምስጢራዊ ኣኼባታት ኣካይዶም። ዕላማ ኣመሪካ እንታይ ከምዝኾነ ዘይፈልጥ ኤርትራዊ የለን። ነዛ ብደም ዝመጸት ሃገር ኣዴታት ገዝኦን ብኽፉቱ ከም ንቡር ገዝኦን ከዓጸዋ ብዓቕመን ክዋግኣ በርበረን መስፍን ሒዘን ሰራዊትና ከይጠምን ከይጸምእን ድማ መግብን ማይን እንጣጢዕን ሒዘን ኣብ ጐኒ ሰራዊት ደው ኢለን መኪተን ወራር ኣፍሽለን። ካሳብ ምርኩስ ዝሓዙ ኣቦታትን ኣብ ጐኒ ሰራዊት ደው ኢሎም ውጉእን ስውእን ኣውጺኦም። ጉጅለ 15 ግን ኣብ ክንዲ ኣብ ጐኒ ህዝብቦምን ሰራዊቶም ኰይኖም ሃገር ዘድሕኑ ምስ ወያነን ኣመሪካን ምስጢራዊ ስምምዕ ከካይዱ እንከለው ካብዚ ዝዓቢ ክሕደት የለን።

ፕረስዴንት ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኣብ ዓዲ በጊዖ 24 ሰዓታት ኣብ ጐኒ ሰራዊት ዋርሳይ ይከኣሎ ደው ኢሉ ክዋጋእ ውዒሉን ሓዲሩን።

ከዳዕ ዮውሃንስ ዘርእማርያም ወዲ ጀነራል ዘርእማርያም ምስ ወያነ ኣስመራ ክኣትው ኣብ ኲናት ዓዲ በጊዖ ተሳቲፉ ነይሩ ኣብ ታባ ዓዲ በጊዖ ፕረስዴንት ኢሳያስ ምስ መራሒ እቲ ግንባር ሓይልኣብ ወዲ ኢሳቕ ነቲ ኲናት እንዳ ኣለዩ እንከለው ሓደ ሰላይ ናይ ወያነ ኣብ ዓዲ በጊዖ ተሓቢኡ ፕረስዴንት ኢሳያስ ኣብ ታባ ዕዲ በጊዖ ምህልው ብራድዮ ንወያነ እንዳ ሓበረ ብኣባላት ኩማንዶ ምስ ራዲኡ ተማረኸ። እቶም ነቲ ሰላይ ዝሓዝዎ ኣባላት ኩማንዶ ንፕረሲዴንትን ወዲ ኢሳቕን ብቕልጡፍ ካብ'ታ ታባ ክእለዩ ከምዘለዎም ሓቢሮሞም። ንሳቶም ድማ ቀልጢፎም ካብ'ታ ታባ ተኣልዮም። ወያነ በቲ ዝረኸብዎ ሓበሬዝታ ነታ ታባ ብከቢድ ብረት ክኾዕትዋ ውዒሎም። ሳላ ተባዓት መራሕትናን ምዑታት ጀጋኑ ወርሳይ ይከኣሎን ህዝብን ወራር ወያነ ኣብ ከበሳ ኣብ ዓዲ በጊዖ ነበረያ ነበረ ኮይኑ። ሰራዊት ወያነ

ኣብ ግንባር ዛላምበሳ፣ ዓሊቴና፣ ሙልቂ፣ ሻምብቆ፣ ኡምኒሓጀር ከም ቆጸሊ ምስ ረገፈ ውዱብ ሕቡራት ሃገራት ንወያነ ስምምዕ ኣልጀርስ ክትክትሙ ኣለኩም ኢሎሞም።

ወያነ ምስ ኣመሪካ እንግሊዝ ፈረንሳይ ተሰማሚዖም 72 ሰዓታት ንኽወሃቦ ሓቲቶም። ውዱብ ሕቡራት ሃገራት ድማ ጠለብ ናይ ወያነ ተቐቢሎሞ። ኣመሪካን እንግሊዝን ፈረንሳይን ንወያነ ኣብዚ ተዋሂቡኩም ዘሎ ሰዓታት ዝገበርኩም ጌርኩም ንዓሰብ ሓዝዋ ካብ ዓሰብ ዘውጽኣኩም ኣካል የለን እስራኤል ኣብ 1981 ንጎላን ሒዞማ ውጹ ዝበሎም ኣካል የለን፣ ዓሰብ እንተ ሒዝኩም ውጹ ከምዝይንብለኩም ቃል ንእትወልኩም ተባሂሎም።።

ከምቲ ዝተባህሎም እቶም ካብ ብሱል ጥረ ዝወጹ ሰራዊቶም ካብ ግንባር ዛላምበሳ፣ ዓሊቴና፣ ባድመ፣ ሙልቂ፣ ታሕታይ ጋሽ ሰቲት ኦምሓጀር ዋላ ሓንካስ ተረፍ መረፍ ናይ ደርግ ዝነበረ ሰራዊት ኣኻኺቦም ዓሰብ ንኽሕዙ ኣብ ግንባር ቡሬ ኣሰሊፎሞ።

ኣብዚ'ውን ጉጅለ 15 ወያነ ዝብልዎም እምበር ሞራልን ጽንዓትን ሰራዊትናን ህዝብናን መንግስትናን ክዕዘቡን ክሰምዑን ፍጹም ኣይተዓደሉን። ስለዚ ልኡኻቶም ሰዲዶም ንህዝብና ካብ ዓሰብ ንኽወጽእ ትእዛዝ ኣመሓላሊፎም። ርግጽ ሓደ ክልተ ሓቂ መሲልዎም ካብ ዓሰብ ክወጹ ፈቲኖም። ዳርጋ 99% ህዝብና ግን ዝመጸ ይምጻእ ምስ ደቅና ኣብዚኣ ኢና ንሰዋእ ኢሎም ኣብ ጐኒ ዋርሳይ ይከኣሎ ደው ኢሎም መኪቶም። ኵናት ግንባር ዓሰብ ዳርጋ ብኣጋር ሰራዊት ኣይነበረን ክበሃል ይከኣል። መንግስቲ ኤርትራ እኹል ምድላው ገይሩ፣ መራኽብ ኵናት ኤርትራ ከቢድ ብረት ጽዒነን ኣብ ከባቢ ዓሰብ ተጸጊዐን ወያነ ንኽሃጅሙ ተጸበየን። ወያነ ልዕሊ 200.000 ሰራዊት ኣኽቲቱ ንዓሰብ ንምሓዝ ኵናት ከፊቱ። እተን ከቢድ ብረት ዝጸዓና መራኽብ ኵናት ኤርትራ ንሰራዊት ወያነ ምስ'ቲ 45 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ ዝተሓወሶ ምቈትን ኣብ ዝባኖም ዝዓለበ ቦምባታትን ተለብሊቦም ምስ'ቲ ምድሪ በዳ ኣብ ሓሙኹሽቲ ተቐይሮም። እቶም ሓደ ክልተ ዝተረፉ እግረይ ኣውጽእኒ ኢሎም ዝሃድሙ ዝነበሩ ዋርሳይ ይከኣሎ ኣርክቦ እንዳበለ እግሪ እግሮም ክሳብ 100 ኪሎሜተር መሬት ኢትዮጵያ ሰዒቡ ዝመውት ሞይቱ ዝማረኽ ተማሪኹ። ኮይኑ ግን ምስ'ቲ ዝነበረና ናይ ዓለም ተጽዕኖ መንግስቲ ኤርትራ ተመለሱ ኣብ መሬትኩም ደው በሉ ኢልዎም። ሰራዊትና ኣብ ግንባር ቡሬ ድፍዖም ተመሊሶም። ድሕሪ ስዕረት ግንባር ቡሬ 12 ሰዓታት ኣብ ዘይመልእ ግዜ መለስ ዜናዊ ንኹሎም ጀነራላት ኢትዮጵያ ኣኪቡ ራብዓይ ወራር ክዳለው ሓቢርዎም። ብጀነራላቱ ዝተዋህቦ መልሲ ሰራዊትና ሓሊቑን ተጸንቂቑን'ዩ ከቢድ ብረትና ድማ ተማሪኹን ዓንዩን እዩ ክንዋጋእ ዓቅሚ ዝበሃል የብልናን ኢሎሞ። ስለዚ ወያነ ዓቕሙ ምስ ተጸንቀቐ ደም እንዳ ጠዓሞ ውዕል ኣልጀርስ ክርዕም ተቐሲቡ።

ኣብ ወርሒ ነሃሰ ብግጅለ 13ን 15ን ዝፍለጡ ኮምኡ'ውን ኣዳለውቲ ብሕታውያን ጋዜጣ ዝነበሩ ውልቀሰባት ኣምባሳደር ኣመሪካ በብመዓልቱ ኣብ ቤት ጽሕፈቱ ኣኺቡ ንመንግስቲ ኤርትራ ንምዕላው ኣኬባ ኣካይድሎም። ንሳቶም ድማ ነቲ ሽርሒ ኣመሪካ ሓንጎፉይ ኢሎም ተቐቢሎም ስርሖም ጀሚሮም ነቶም ኣገደስቲ መራሕቲ ክቐንጽሉ ኣብ ኣኬባ ቀሪቡ። እቲ ምቕንጻል ዝበዝሖ ደጊፎም ውሑዳት ምቕንጻል ኣየዐውተናን'ዩ ዝበሉ ኣይተሳእኑን። ህዝቢ ነዚ ምስ ሰምዐ ኣንጸርጺሩ ስጉምቲ ክውሰውደሎም ጠሊቡ። እቲ መንግስቲ ድማ ድምጺ ህዝቢ ክሰምዕ ናይ ግድን'ዩ በዚ ድማ ኣብ ቀጽጽር ኣትዮም።

2002 ውሳኔ ዶብ ኮምሽን ንወያነ መንጸሮር ኣእትዩሎም፣ ዓቅሎም ምስ ጸበቦም ኣብ ኩሉ ተስፋ ምስ ሰኣኑ ሃሱሳት ኣብ ምጭጫሕ ኣትዮም፣ እዝ'ውን ኣይሰለጦምን፣ ኣብ 2006 ሓለፍቲ ወያነ ኣብ ኤውሮጳን ኣመሪካን ተዋፊሮም ውሳኔ ዶብ ኮምሽን ከነተግብሮ ኤርትራ ናትና ንብሎ ኣፍተገ ባሕሪ ክትህበና ኣገድዱልና ኢሎሞም። ብኤውሮጳን ኣመሪካን ዝተዋህቦም መልሲ ግን ብጣዕሚ ደንጒኹም ኣብቲ ውዕል ኣልጀርስ ቀሪቡ እንተ ዝኸውን ንኤርትራ መገደድናያ፣ ሕጂ ግን ከጸግመና እዩ፣ ሓደ ምኽሪ ክንህበኩም ሜላ ተጠቐምኩም

ኩሉ መንእሰይ ኤርትራ ካብ'ታ ሃገር ኣውጽእዎ። ንሕና ድማ ንዅሉ መንእሰይ ኤርትራ ክንቅበሎ ኢና እታ ሃገር ባዶ ምስ ተረፈት ብዘይ ዅናት ትሕዝዎ ተባሂሎም። ወያነ ምኽሪ ሓያላን ሰሚዖም ፍልሰት ኤርትራውያን ተተሓሒዞሞ። ምልዮናት ዶላራት ሰሊዖም ኣብ ኩሉ ቦታታት ወከልቶም ሰሪዖም፣ ብፍላይ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ሽወደን ስዊዘርላንድ ሱዳን ልብያ እስራኤኢል ግብጺ ዓዲ ጥልያን ኮታ ናይ ሓለፍቲ ናይሃይማኖት ዓሲቦም ፍልሰት ኤርትርውያን መንእሰያት ከም ሕሱም ሰሪሖምሉ።

ኣብ 2011 ፓርላማ ኢትዮጵያ ንመለስ ብዛዕባ ወደብ ዓሰብ ሓቲቶም፣ ዝሃቦም መልሲ፣ ንስኻትኩም ብዛዕባ ዓሰብ ትዛረቡ ኣሎኹም ዕላማና ኣብ ዓሰብ ጥራሕ ዘተኮረ ኣይኮነን። ውዱእ ኣጀንዳ ኣሎና ኩሉ መንእሰይ ኤርትራ ካብ ሃገር ጓሕጒሕና ከነውጽኦ ኢና እታ ሃገር ጥራሓ ምስ ተረፈት ድማ ብዘይ ዅናት ኤርትራ ኣብ ቍጽጽርና እያ፣ ዝበሎ ብቪድዮ ተሰኒዱ ቅድሚ 4ተ ዓመት ኣብ ምሉእ ዓለም ተዘርጊሑ ነይሩ መደረ መለስ ፓርላማ ኢትዮጵያ ኢልኩም ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

ኣስዕብ ኣቢሉ ባረክ ኦባማ ኣብ መድያ ወጺኡ መንእሰይ ኤርትራ ኩሉ ካብ'ታ ሃገር ከነውጽኦ ኢና ዅለን ጐረባብቲ ሃገራትን ኤውሮጳን ነቲ መንእሰይ ክቕበልኦ ተነጊርወን'ዩ ዝበሎ ዅልና ሰሚዕናዮ ኢና። እዝ'ውን ሕልሚ ደርሆ ኮይኑ ተሪፉ።

ስልቲ ኣመሪካን ወያነን ኣብዚ ኣየብቅዐን፣ ደገፍቲ ኣልሸባብ ባዕሎም ወያነ ምኺኖም መዓልቱ በሊዑ ተቓሊዑ። ወያነ ምስ መራሕቲ ኣመሪካ ተላዚቡ ነፈርቲ ኢትዮጵያ ባንዴራ ኤርትራ ለኺዩ ንሶማል ኣብሪርወን ብስእልን ቪድዮን ሰኒዱ ድማ ንኣመርካ ኣረኪብዋ ኣመርካ ድማ ነፈርቲ ኤርትራ ኣጽዋር ጽዒነን ሶማል ኣትየን ንኣልሸባብ ሂቦምም ኢሎም ንባይቶ ጸጥታ ኣቕሪቦሞ። ኣመሪካ ባዕሎም ኣቕረብቲ ባዕሎም ፈርድቲ ኮይኖም ድማ ኣብ ልዕሌና ጽኑዕ ማዕቀብ ንክህሉ ተፈሪድና። ሃቂ ብእግራ እንተ ቐበርካያ ብርእሳ ትወጽእ ከም ዝበሃል ኣባል ጸጥታ ኢትዮጵያ ነበር ሕጂ ኣብ ኣመሪካ ዘሎ ባዕሉ ብትእዛዝ ወያነ ነቲ ኩነታት ከም ዝፈጸሞ ቅድሚ 2ተ ዓመት ኩሉ እቲ ምስጢር ዘርጊሕዎ።

ኮይኑ ግን ሓባል በልያ ከይትቕድመኪ ኮይኑ ነገሩ። ወያነ ንሶማል በታቲኖም ነታ ሃገር ከም ድላዮም ክጥቀሙላ ንኣልሸባብ ምልዮናት ከውጽእሎም ጸኒሖም። ባዕሎም ሓለፍቲ ኣመሪካ መዓልቱ ኣኺሉ በዓል ሀርሞን ኾሀን እቲ ምስጢር ኣቃሊሖሞ። ኤርትራ ብዘይ ገበረቶን ዘይወዓለቶን ወያነ ሓሶት ኣብ ልዕሊ ሓሶት ዓሎቕ ኣብ ልዕሊ ዓሎቕ ሓድሽ ፈጠራ እንዳ ኣምጽኡ ኤርትራ ብሰንኮም ን9ተ ዓመት ክንሳቐ ምሂዞም እዚ ጸሊም ታሪኽ ካብ ነፍስወከፍ ልቢ ኤርትራዊ ዝሃስስ ኣይኮነን።

ኣብ ቀጽሪ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ወያነ ባዕሉ ቦምብ ደርብዩ፣ ናይ ኤርትርውያን መንነት ኣኪቡ ኣብ ተለቭዥን ኣቕሪቡ ንኤርትራ ክውንጅል ፈቲኑ። ናይ እቶም መንነቶም ተመንጢሎም ኣብ ቲቪ ኢትዮጵያ ዝተቃልሐ ኤርትራውያን ኣብ ኤውሮጳ ስለ ዘለው ባዕሎም ከቃልሕዎ ስለ ዝኾኑ ናብኦም እገድፎ።

ወያነ ኩሉ ፈቲኑ ምስላጥ ምስ ኣበዮም ምስ መንግስቲ ቐጠርን ኣመሪካን ኤውሮጳን ኣብ ጥሪ 2013 ኣብ ኤርትራ ናዕቢ ንምልዓል ካብ ኢትዮጵያ ጀነራል መስፍን ኣማረ፣ ጌታቸው ኣሰፉ፣ በረኸት ስምኦን፣ ስብሃት ነጋ፣ ኣባላት (CIA): ናይ ኤውሮጳ፣ ናይ ቀጠር ኣባላት ጸጥታ፣ ወያነ ዝጨጭሕዎም ሃሱሳት ካብ ዕለት 10.01 ክሳብ 12.01.2013 ኣብ በልጂም ኣኼባ ኣካይዶም ካብ ኣስመራ ድማ ካብ ኣመሪካን ቀጠርን ዝተዋህቦም ምዕቡል ናይ ሳተላይት ተሌፎን ተጠቒሞም (Asmara1) (Asmara2) ብዝብል ስም ኮድ ተዋሂብዎም መስጦፉ ኑርሕሴንን ዓብደላ ጃብርን ኣብቲ ጉባኤ ተኻፊሎም። ኣብ ሓጺር ግዜ ኣብ ኣስመራ ናዕቢ ንኽግበር ተሰማሚዖም። እቲ ዝገበርዎ ምስጢራዊ ኣኼባ ካብ ህዝቢ ኤርትራ

*ኣይተሰወረን ኩሉ ምስ ደኩሜንትኡ ዕለት 13.01.2013 ንመንግስቲ ኤርትራ ተዋሂቡ ዕለት 14.01.2013 ካብ ተጸናጸንቲ ወያነ ብዝብል ነቶም ኣብ ኣስመራ ዝነበሩ Asmara1 Asmara2 ዝብል ኮድ ዝኣተው ኣስማቶም ተዓቂቡ ኣብ Tesfanews ተዘርጊሑ።*

*ዕለት 21.01.2013 ወያነ ዝወጠንዎ ሸርሒ ብግስ ከይበለ ኣብ ውሽጢ 10 ደቒቕ ዘይመልእ ብተባዕ መኸተን ጽንዓትን ፈሺሉ ተሪፉ።*

*ኣብ ኤውሮጳ ኣመሪካን ኣፍሪቃን ወያነ ምልዮናት ሰሊዑ ብስም ሃይማኖት ኦርቶዶክስ ንህዝብና ከባእስዎ ይውዕሉ ኣለው። ነዚ ህዝቢ ክነቕሓሉ ይግባእ። ገለ ውሉደ ክህነትን መዘምራን ብወያነ ዝምጽወተሎም ገንዘብ እንተ ዘይኮይኑ ሃይማኖትን ሃገርን ንዕኦም ኣይንታዮምን'ዩ። ነዞም ህዝብን ሃገርን ክፈላልዩ ዝፍትኑ መን ካበይ መጺኦም ብዘየገድስ ከም ወትሩ ክንምክቶም ኣሎና።*

*<u>እዚ መጺኡ ዘሎ ሰላም ትም ኢሉ ዝመጸ ኣይኮነን</u>*

*ሃጸይ ሃይለስላሰ፣ መንግስቱ ሃይለማርያም፣ ወያነ ኵሎም ብቓልሲ ህዝቢ ኤርትራ ፈርከሽከሽ ኢሎም። ጉድጓድ ንፈሓሪኣ ከም ዝበሃል ወያነ ንኤርትራን ህዝባን ክጥፍኡ ዝኾዓትዋ ጉድጓድ ባዕሎም ኣትዮማ። ከምቲ ኣድጊ ብድሕረይ ሳዕሪ ኣይብቈላ ዝበለ ሕጂ'ውን ወያነ ንህዝቢ ኤርትራ ንምብትታን ጌና እሰርሓሉ ኣለው። እዞም ከም ከልቢ እንዳ ነብሑ ኣብ ኤርትራ ሰላም ኣይንገስ በጀካ ዕግርግር እንዳ በሉ ዝዝምሩ ዘለው ወይጦታትን ሃሱሳትን እንታይ እዩ ዕላምኦም እንተበልና፣ ብዛዕባ ሃገር ሓንቲ መዓልቲ ሓሲቦምን ሓልዮምን ኣይፈልጡን እዮም። ዘገድሶም ረብሓ ጥራሕ'ዩ። ካብ ሰላም ድማ ረብሓ የብሎምን። ወያነ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ከሸካዕልል ክበታትን መንነትና ከጥፍእ ህዝቢ ኤርትራ ከጽንት ዝወጠኖ ስነሓሳብ ከተግብር ናይ ግድን ሃሱሳትን ወይጦታትን ብገንዘብ ክዓስብ ኣለዎ። እቶም ዝተዓሰቡ ወይጦታን ወያነን ፍልሰት መንእሰያት ኤርትራ ጌና ይቕጽልዎ ኣለው። ኣብ ኤርትራ ብወያነን ወይጦታትን ዝንፋሕ ዘሎ ፕሮፓጋንዳ ቀሊል ኣይኮነን። እቲ ዘገርም መንግስቲ ካንዳ ኤርትራውያን ካብ ትግራይ ኣብ ሓጺር መዓልቲ ክትወስድ'ያ እንዳ በሉ ኣብ ምሉእ ኤርትራ ናይ ሓሶት መናፍሕ ዘርጊሖም።*

*ካልኣይ ኤርትራዊ ኣብ ትግራይ ከም ወዲ ሃገር ሰሪሑን ነጊዱን ናይ ምንባር መሰል ከም ዘለዎ ኣብ ናይ ትግራ ቲቪ ኣቃሊሖም። ሓያሎ መንእሰይ ሓቂ መሲልዎም ንትግራይ ከይዶም። ኣብ ትግራይ ግን መጻወድያ'ዩ ጸኒሕዎም። ነቲ መንእሰይ ኣብ መጠለያ ኣኪቦም ገንዘቦምን ተሌፎኖምን ተመንጢሎም ኣደዳ ትኳን፣ ቁማል፣ ቔንጨ፣ ጥሜትን ሕማምን ዕራቃንን ኮይኖም። ሕልሚ ወያነ ጌና ኣየዕረፈን መንነትናን ሓድነትናን ምጥፋእን ምብትታንን ስራሕና ኢሎም ሒዞም። ነዚ እኪይ ስነሓሳብን ብዕቱብ ክንቃለሶ ግዜ ይጠልበና ኣሎ። ዘይረብሑ ናይ ወያነ ልኡኻት ንህዝቢ ንምድንጋር ኣብ ፌስቡክ ዝልጠፍ ዘሎ ኣነዋሪ ተግባራት ከምቀደምና ንመክቶ። ከልቢ ይነብሕ ግመል ጕዕዝኡ ይቕጽል ከም ዝበሃል ካብ ሃገራዊ ዕማምና ከይተዛኔና ብትዕግስትን ጽንዓትን መኪትና ኣበርቲዕና ስለ ዝሰራሕና ዓወት ተጐናጺፍና። ሕጂ'ውን መጻኢና ርሑቕ ኣይኮነን። ኣብኡ ክንበጽሕ መዓንጣና ሸጥ ኣቢልና ከም ንበጽሖ ኣይንጠራጠርን ብዕራይ ኣብ ዘበለ የብል ዕርፍና ጥራሕ ነጽንዕ።*

*ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና*

*ዓወት ንሓፋሽ*

*ተስፋይ ጀርመን*